## ሓጺር ታሪኽ-ሕይወት ነፍሰ-ኄር ክቡር ኣባ ወልደገብርኤል ካሕሳይ

**"እቶም ንብዙኃት ናብ ጽድቂ ዝመርሑ፡ ከም ከዋኽብቲ ንዘለዓለም ዓለም ከብርሁ ኢዮም"** (ዳን.12፡3)

ነፍሰ-ኄር ክቡር ኣባ ወልደገብርኤል ካሕሳይ፡ እንካብ ኣቦኦም ኣይተ ካሕሳይ ሓሊቦን እንካብ እኖኦም ወ/ሮ ሳህሉ ካሕሳይን ብ19 መጋቢት 1933 ዓ.ም. ኣብ ጣዕያ "ዓገረለ-ኾማ" ፍሉይ ስሙ "ሓለ" ኣብ ዝበሃል ቦታ ተወልዱ:: ዕድመኦም ንትምህርቲ ምስ ኣኸለ:-

ካብ 1952 - 1953 ዓ.ም. መሰረታዊ ትምህርቲ ኣብ ኣዎ፡ ኣብ ቅዱስ ሚኪኤል ቁምስና ተኸታተሉ::

ካብ 1954 - 1956 ዓ.ም. ኣብ ልደታ ማርያም ዓሊተና ካብ ካልኣይ ክሳብ ራብዓይ ክፍሊ ተኸታተሉ::

ካብ 1957 - 1958 ዓ.ም. ኣብ ጽንሰታ ለማርያም ንኡስ ዘርኣ ክህነት ሓሙሻይን ሻድሻይን ክፍሊ ተኸታተሉ::

ካብ 1959 - 1962 ዓ.ም. ካልኣይ ብርኪ ኣብ ጽንሰታ ለማርያም ንኡስ ዘርኣ ክህነት ዛዘሙ

ካብ 1963 - 1965 ዓ.ም. ኣብ ዓቢይ መንፈሳዊ ዘርኣ ክህነት ናይ 3 ዓመት ፍልስፍና ተምሃሩ

ካብ 1967 - 1968 ዓ.ም. ኣብ ሩባጫ ጣዕያ ዓገረለኮማ ምስ ሓደ ብጾዮም ብኣሕሉቕ ኣብ እተመደብሉ ሕዝባውን መንፈሳውን ኣገልግሎት ሃቡ

ካብ 1969 - 1972 ዓ.ም ኣብ ዓቢይ መንፈሳዊ ዘርኣ ክህነት ናይ ኣርባዕተ ዓመት ትምህርተ መለኮት ምስ ፈፀሙ

ብ12 ሚያዝያ 1972 ዓ.ም. ምስ ሽድሽተ ብፆቶም ብኢድ ብጹዕ ኣቡነ ስብሓት ለኣብ ወርቁ ኣብ ካቴድራል መድኃኔ ዓለም ዓዲግራት መዓርገ ክህነት ተቐበሉ::

ካብ 1973 - 1975 ዓ.ም. ኣብ ልደታ ለማርያም ማእከላይ ካልኣይ ብርኪ ቤት ትምህርቲ ርእሰ መምህር ብምዃን ኣገልገሉ::

ካብ 1976- 1979 ዓ.ም. ኣብ ዓዲግራት ጽንሰታ ማእከላይ ካልኣይ ብርኪ ርእሰ መምህር ኮይኖም ኣገልገሉ

ኣብ መጋቢት 1979 ዓ.ም. ንሓጺር መንፈሳዊ ስልጠና ናብ ኣየርላንድ ከይዶም::

ካብ 1980-መስከረም1983 ዓ.ም. ኣብ ቤት ትምህርቲ ብጹዕ ኣባ ገብረሚካኤል መቐለ ርእሰ መምህር ኮይኖም ኣገልገሉ::

ካብ ጥቅምቲ 1983 - 1985 ዓ.ም. ንላዕዋይ ትምህርቲ ኣብ ሮማ ዝጸንሑ እንት ኾኑ ኣብ ቅዱስ ቶማስ ጳጳሳዊ ዩኒቨርሲቲ ብናይ ፓስቶራል (ጉሰነት ነፍሳት) ትምህርቲ ስነ-ማለኮት ማስተርስ ዲግሪ ዝሓዘ ነይሮም::

ካብ 1986 - 1991 ዓ.ም. ንካልኣይ ጊዜ ኣብ ቤት ትምህርቲ ብፁዕ ኣባ ገብረሚካኤል መቐለ ርእሰ መምህር ኮይኖም ኣገልገሉ::

ካብ 1991 -1994 ዓ.ም. ኣብ ካቶሊክ ቤት ጽሕፈት ሰበኻ ዓዲግራት ቅርንጫፍ መቐለ ኣተሓባባሪ ቤት ጽሕፈት ኮይኖም ሠርሑ::

ካብ 1995 -1999 ዓ.ም. ናብ ዓዲግራት ተመሊሶም፡ ኣብ ካቶሊክ ቤት ጽሕፈት ሰበኻ ዓዲግራት ናይ ሶሻል ክፍሊ ሓላፊ፡ ከምኡ ከዓ ኣብ ዓቢይ ዘርኣ ክህነት ኣበ ነፍስ ኮይኖም ኣገልገሉ::

ካብ 1999 ክሳብ ሀዚ ብኣምላኽ ዝተጸወዐሉ 26 ለካቲት 2006 ዓ.ም.፡ ኣብ ዓቢይ ዘርኣ ክህነት መምህር ናይ ዝተፈላለያ ዓይነት ትምህርትታት ስነ ማለኮትን ኣበ ነፍስን፡ ምሳኡ ከዓ ኣብ ጽንሰታ ላዕለዋይ ካልኣይ ብርኪ ቤት ትምህርቲ መምህር ትምህርቲ ስነ-ምግባር ብምኳን እናኣገልገሉ ጸኒሖም እዮም::

ነፍሰ-ኄር ክቡር ኣባ ወልደገብርኤል ካሕሣይ፡ ብደረጃ ሰበኻ፡ ኣባል ኮሚቴ ኣማኸርቲ ጳጳስ ሰበኻ፡ ኣባል ቤት ምኽሪ-ካህናት ሰበኻ-ዓዲግራት፡ መሪሒ ሰበኻዊ ኮሚቴ ትምህርተ ክርስቶስ ኰይኖም ዝሠርሑን፤ ኣብ ሰበኻና ንመንፈሳውን ሓዋርያውን ሶሻል ሕይወት-ክርስቲያን፡ ከምኡ'ውን፡ ምስ ብጹዕ ኣባታችን ጳ ጳሶም እናተማኸሩ፡ ንትምህርቲ ኩለመዳያዊ ህንፀተ-ሰብእ መጋበሪ ኰይኖም ዘገልግሉ ሓሙሽተ መጻሕፍቲ ከምዝሕተሙ ዝገበሩ እንኪኾኑ፡ ፍፁም ናይ ነፍሳት ፍቕሪ ዝነበሮምን ካብ መንበረ-ኑዛዜ ዘይፍለዩ፡ ኣበ-ነፍስ ናይ ዝተፈላለያ መንፈሳዊያን ማሕበር'ውን ዝነበሩ ነይሮም::

ነፍሰ-ኄር ክቡር ኣባ ወልደገብርኤል ካሕሣይ ድሕሪ ናይ ሽድሽተ መዓልቲ ሕሙም ብ26 ለካቲት 2006 ዓም ኣብ ረፈራል ሆስፒታል ዓይደር ኣብ 34 ዓመት ክህነቶም ኣብ ማዕል 73 ዓመት ዕድሜኦም ዓረፉ:: ሎሚ ብ28 ለካቲት 2006 ዓ.ም. ኣብ መካነ-መቃብር ቁምሽና መድኃኔ ዓለም ዓዲግራት ሓመድ ኣዳም ለበሱ::

ቅዱስ ዳዊት "ዝክሪ ፃድቕ ንዘለዓለም ይነብር" ከም ዝበሎ ነፍሰ-ኄር ክቡር ኣባ ወልደገብርኤል ካሕሣይ፡ ብጽቡቕ ሶሻሎም፤ ብተወፋይነቶም፡ ብመንፈሳውነቶምን ርኅራኄኦምን እናተዘከሩ ክነብሩ እዮም::

ንዙ ብቑዕን ወፉይን ካህን ንዝሰኣነት ቤተ ክርስትያንና፡ ከምኡ'ውን ንቤተ ሰቦምን ንመፍቀርቶምን ጽንዓት እናተማ ና፡ እግዚኣብሔር ንነፍሶም ክምሕረልናን ኣብ ዘለዓለማዊ መንግሥቱ ምስ ኩሎም ቅዱሳኑ ከንብረልናን ንጽሊ::

ካቶሊክ ቤተ ጳጳስ ሃገረ ስብከት ዓዲግራት

28. 06. 2006 ዓ.ም.